# ሓበሬታ ንኹሉ ጉዱስ ኤረተራዊ



ብዛዕባ ንልዕሊ 6 ዓመት ጁሆ ዝተታሕዘት መጽሓፍ ስዉእ ተጋዳላይ ኣሕመድ መሓመድ ናስር
ብዝምልክት ዘለና ሓዲሽ ሓበሬታን ኣፍልጦን ኣቀዲምና ክንሕብር ጉቡእና ስለዝኮነ እዚ ዝስዕብ ነስፍር ።

1. ሓለይቲ ዝመሰሉ ሰባት ኣብ ምሕታሙ ንኽተሓባበሩ ኮፒ ናይዛ መጽሓፍ ዳታ ካብ ስድራቤት ስዉእ ኣሕመድ ተረኪቦሞ ።
2. እቲ መጽሓፍ ጅሆ ብምሓዝ ብሎሚ ጽባሕ ነታ ስድራ ብምትላል ስጋብ ቀረባ እዋን ስድራ ቤት ኣሕመድ ብትዕግስቲ ተጸሚሞም ነቲ ስቃይ ንበይኖም ጸይሮሞ ጸኒሖም ።
3. ብተበግሶ ስዉእ ወዲ ፍሊፖ ዝጀመረ ኣብ መድያ ምቅላሑ ድሒሩ እውን ብ ብዙሓት እቲ ጉዳይ ምስተደጋገመ ነቶም ነዚ ገበን ዝፈጸሙ ዓቢ ጸቅጢ ኄሩሎም ፍታሕ ኣብ ምንዳይ ተጋይዮም።
4. ሕጂ ብዘይ ሙሉእ ኣፍልጦን ተሳተፍነትን ስድራ ቤት ስዉእ ኣሕመድ እታ መጽሓፍ ተሓቲማ ክምዘላን ንምዝርጋሓ ይቃራረቡ ክምዘለዉ ክንፈልጥ ኪኢልና ኣለና ።

ስለዚ ሕጅውን ኣብ ልዕሊ ገበን ሓዲሽ ገበን ክይፍጸም ነጠንቅቅ ፣ ክኸውን ዝግበኦ ነገር ዝስዕብ ንጠቅስ ።

1. ምዝርጋሕ ናይቲ መጽሓፍ ብኣፍልጦን ሓላፍነት ስድራ ቤት ስዉእ ኣሕመድ ጥራሕ ክኸውን ።
2. እቲ መጽሓፍ ካብ ስድራቤት ን ነዊሕ ዓመታት ተኸዊሉ ጸኒሑ ስለዝተሓትመ ዝኾነ ምቅይያር ተገይሩሉ ክይክውን ቅድሚ ምዝርግሑ ምስቲ ኦርጂናል ዳታ መጽሓፍ ኄና ምስ ስድራቤት ዝርክብ ክነጻጸር ይግባእ።
3. ኩሉ ተሓቲሙ ዘሎ መጻሕፍትን ብዛዕብኡ ዝምልክት ሓበሬታትን ስድራ ቤት ክርክብዎ ይግባእ ።
4. እዚ ምስዘይክውን እቲ ዝፍጸም ገበናት እቶም ነዚ ጉዳይ ዝፍጹሙን ዝተሓባበሩዎምን ተሓተቲ ምኻኖምን ንህዝቢ ክቃልሑ ምኻኖምን ነፍልጥ ።
5. እዚ ጉዳይ ብቕኑዕ መንገዲን ኣገባብ ዝሓለወን ብዝያዳ ድማ መሰል ዋንነት ናይ ምሕታም (**copyright**) ቤተ-ሰብ ስዉእ ኣሕመድ መሓመድ ናስር ምስ ዘይሕልው ብሕጊ ምድናይ እንኮ ኣማራጺ ምዃኑ ክነተንብህ ንግደድ

**ጉዱሳት ኤረትራውያን**
ዕለት 14/11/2019